*ሓባልስ መጠመቲኣ ትኮሓል።*

ኣቦታትና ምስላታት ክምስሉ ከለዊ ንግዚኡ ክጥቀምሉ ኢሎም ጥራሕ ኣይኮኑን። እቲ ኩሉ ምስላታት በብእዋኑ ምስ ተፋላለዩ ተርእዮታትን ሞንተታን መድረኻትን ክጥቀሙሎም ከም ዘኽእሎም ገሮም'ዮም ዝምስልዎም። ሎሚ እዛ " ሓባልስ መጠመቲኣ ትኮሓል " ትብል ምሳሌ ከም ኣርስቲ ጌረ ከቕርባ ዝገበረኒ ምኽንያት ብመሰረት እቲ ' *ፍሉይ ጸብጻብ ብዛዕባ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ሕጅን ንመጻእን* ' (*Special Report on Ethiopia & Eritrea Relations Present & Future* ) ዝብል ብዕለት 17 Oct. 2015 ብኢሳት (ESAT) ኣብ ዋሺንግቶን ዲሲ ዝተዳለወ ኣኼባ መሰረት ብምግባር እየ። ኣብ'ዚ ኣኼባዚ ብዙሓት ብትምህርትን ተሞኩሮን ኣገልግሎትን ዝሃብተሙ ኢትዮጵያውያን ዝተሳተፍዎን መደረ ዘስምዑሉን ብጣዕሚ ንሰማዒ ኣቓልቦ ዝሰሓበ ኣኼባ ኣብ ርእሲ ምንባሩ ንክልቲኤን ሃገራት ረብሓን ሰናይ ጉርብትናን ዝእምት ምንባሩ ካብቲ ዝተባህለን ተሓቲቱ ዝተዋህበን መልስታት ክትርዳእ ይኽእል። ብዓቢኡ ከኣ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ዘለዎ ጽቡቕ ምንዮ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘመስከረ ዋዕላ ምንባሩ'ዩ።

እዚ ዋዕላ'ዚ ንብዙሓት ኢትዮጵያውያን ብዛዕባ መርገጽ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ከጠራጥሮም ዝጸንሑ ኣዎንታዊ መልሲ ዝሃበ'ዩ ኔሩ። *እቲ ሓባልስ መጠመቲኣ ትኮሓል*' ዘበለኒ ምኽንያት ግን፣ ብዛዕባ እቲ ተቓዋሚ ኤርትራዊ መቃለሲ ቦታኡ ኣዲስ ኣበባ ኢሉ ነብሱ ዘላለየ ብወያኔ ተዓሲቡን ተመዊልሉን ረብሓኡ ስለ ዝተማላኣሉ ንህዝቢ ኢቲዮጵያ ዝወርዶ ዘሎ ግፍዒ ኪሒዱ ኣብ ኢትዮጵያ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ከምዘሎ ኣምሲሉ ኣብ ሞንጎ እቶም ምእንቲ ፍትሕን ሰላምን ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝቃለሱ ዘለዉ ኢትዮጵያን ሕንኽ ከይበለ ምዝራብዩ። ባንጻሩ ከኣ ኣብ ኤርትራ ደሞክራሲ ከምዘየለ ጌሩ ክገልጽ ምፍታኑ'ዩ። ትርጉም ምቁዋምን ስለምንታይ ትቋወምን እንተዘይፈሊጥካ ውጺኢቱ ምድህርሓር'ዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ዲሞክራስን ትርጉሙን እንተዘይፈሊጥካ ኩሉ ግዜ መስሳር ናይ ገበቲ ካብ ምኳን ሓሊፍካ ካልእ እተምጽኦ ለውጢ የለን። ሎሚ ዓለም ብምሉኡ ኣብ ኢትዮጲ ዘሎ ሰብኣውን ሃይማኖታውን ግህሰት ብወያኔ ዝግበር ዘሎ ግፍዕታት ኣፉ ከፊቱ እናተዛረበሉ ከሎ ኣብ ኢትዮጵያ ደሞክራሲ ኣሎ ኢሉ ዝዛረብ ሰብ ብዓል ፍሉይ ረብሓ ትራይ'ዩ። ሎሚ ኣብ ኢትዮጲኣ ብሰንኪ ጽምኢ ዲሞክራሲ 6 ሚልዮን ተወሰኾ ህዝቢ ኣደዳ ጥምየት ኮይኑ እሎ። እቲ ቁጽሪ'ውን በብግዚኡ እናወሰኸ ይኸይድ እሎ። መራሕቱ ግን መነባብሩኦም ከም መነባብሮ ንግስቲ ኤልሳበጥ ኮይኑ ኣሎ።

ሓታታይ *ንህዝቢ ኤርትራ ዲኹም ትድግፉ ወይስ ንመንግስቲ ኤርትራ* ? ዝብል ሕቶውን ሓቲቱ። ኣብ 1997 ኣዲስ ኣበባ ክትኣትዉ ኔርኩም ዝብል ርእይይቶ'ውን ኣቕሪቡ። ነዝን ካልእ ሕቶታቱን *ብኣቶ ነኣምን ዘለቀ* እኩልን መልሲ ስለ ዝተዋህበ ካልእ ዝውሰኾ ዘሎ ኣይመስለንን። እንተ እቲ መንግስቲ'ዶ ህዝቢ ዝብል ነገር ግን ኣብ ጁባ ወያኔ ኣቲኻ እትፈልጦ ነገር እንተሎ ኣብ ሞንጎ መንግስትን ህዝብን ፍልልይ ከምዘሎ'ዩ። ሓደ ሰብ ኣብ ዕትሮ እንተኣእቲኻዮ ሰማይ ግፍሓ ክንድታ ኣፍ ዕትሮ ጥራሕ'ያ ትመስሎ። ምኽንያቱ ኣብ ትሕቲ ፈላላዪ ስርዓት ኮንካ እትማሃሮ ነገር ምፍልላይ ጥራሕ'ዩ። እብ ኤርትራ ብመትከል መንግስትን ህዝብን ዝበሃል ነገር የለን። ከም ናይ ስራሕ መጸዋዕታት እቲ መንግስቲ ዝብል ስም ዓለም ለኻዊ ስለ ዝኾነ ንጥቀመሉ። ተርግባራዊ ውጺኢቱ ግን ኣብ ጽፍሒ መንግስቲ ዘሎ፣ ኣብ ጽፍሒ ሕክምና ዘሎ፣ ኣብ ጽፍሒ ውትህድርና ዘሎ ወዘተ... ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ዘሎ ኤርትራዊ ሃገር ኣብ ምህናጽን ምልማዕን ኣሎ። ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛ'ዮም ብዘይ ደሞዝ ዝሰርሑ ዘለዉ። ህዝቢ'ዩ ብዘይ ደሞዝ ዝሰርሕ ዘሎ። ምክልኻል ሓይልታት'ዮ ብዘይ ደሞዝ ዝሰርሑ ዘለዉ። እቲንምንታይ ንጽባሕ ዝመጽእ ዎሎዶ ንሕና ንሓልፎ ዘሎና ኩነታት መታን ከየጋጥሞ። ዑሱባት ምስ መወልቶም ኮይኖም እገዳ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ክጸንዕ ለይትን መዓልትን ሎኽሎኽ ክብሉ ይረኣዩ ኣለዉ። ኣበይ ኣሎ ድኣ እቲ ምእንቲ ህዝቢ ኢና ንቃለስ ዝብል ዘረባ። ህዝቢ ከይርህዎ፡ ቀሲኑ ከይሓድር፡ ሰላም ከይረክብ፡ ጽሩይ ኣየር ከየተንፍስ ጸይቂ ክትህንድስ እናዋዓልካን ሓደርካን ተሓላቓይ ክትመስል ነውራም ዘይ ኤርትራዊ ጥራሕ ዘይኮነስ ዘይ ሰብኣዊ ባህሊ እዩ።

ኣብ መደምደምታ ኩሉ ኤርትራዊ ነዚ ብመርበብ ሓበረታ ኢሳት( ESAT) ተኸታታሊ ዝፍኖ ዘሎ መደረ *ፍሉይ ጸብጻብ ብዛዕባ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ሕጅን ንመጻእን፡ (Special Report on Ethiopia & Eritrea Relations Present & Future )* ኣብ መርበብ ሓበረታ [www.esat.com/ethiopianoposition](www.esat.com/ethiopianoposition) ብምኻድ ክተንቡቡዎ ትኽእሉ።

ምስጋና፡ ንኹሎም ኣባላት ኢሳት ነዝን ካልኦት ጠቓምቲ መደባት ብምድላውኩም ልባዊ ምስጋናይ ይገልጽ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማኣታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።